# ምንጽጻግ ንረብሓ ?መን

ብ ገብረሚካኤል ሃብተጽየን ቖረጀ
ሃገር ጀርመን

ንህዝብና ንምድሓን ሓቢርኩም ስጊሙ
መንእሰይ እንዳ ተቀዚፉ ክትጻላለሙ
ኣብ ክንዲ ድሕነት ህዝብን ስልጣን ተቖድሙ
ብሕልፊኳ እቶም ሓለይቲ መሲልኩም ትቑዙሙ

ተጣበቕቲ መሲልኩም ስም ንጹሃት ተጸልሙ
ዓቕሊ ጽበት ድዩ ወይስ ተኣሊሙ
ንበይንኻ ዕንኪሊል እንታይ ጥቕሙ

ክንደይከ ትጭክኑ ክንደይከ ትሓስሙ
ህዝቢ እንዳ ጸነተ ንዋዕላ ትሕሰሙ
ዳግመ ሪእይቶ ግበሩሉ ንዑ ተኣረሙ

ሃገር ከየውሓሰካ ንስልጣን ምቅድዳም
ቀዲሙኒ እንዳ በልካ እዚ ኩሉ ዳማ ዳም
ክንዲ ምጽውዋር ምጽልላም
ኩሉ ጸሑፋትኩም ግናይ መርዛም
ኣብ ህዝቢ ኣይትዝረኡ እሾኽ ዓጋም
ዝሓለፈ ገጋታትኩም ግበሩሉ ገምጋም
ኩሉ ግዜ ብጀካና የሎን ለባም
እቶም ተበለጽቲ ውን ዝሃብዎም ምጉሳም
ብዘይ ሕቶ መልሲ ዝበልውዋም ምፍጻም

ኣበይ ንምብጻሕ እዩ እዝኹሉ ዘለፋ
ሓለይቲ ትመስሉ ደለይቲ ሓልፋ
እታ ፍርዲ ንህዝቢ ንግደፍ

ንለዋህ ህዝብና ኣቁሪጽኩምዎ ተስፋ
ንዑ ወጊድ በልዎ ከም ጸማም ሓደ ደርፋ
እዛ ዓለምኮ ሞትዩ ትርፋ ።

*ነዚ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና ንሕሰበሉ*
*እንካብ ምውድዳራ ኢሂን ምሂን ተባሂሂሉ*
*ምክብባር ምጽውዋር ኣማዕብሉ*
*ንህዝብና ኣይተዳኸምዎ ሞራሉ*
*ዓመታት ተጸቢዩኩም ለውጢ ከተምጹኡሉ*
*ንዑባ ካሓስዎ ይቕረ ተባሂሂሉ*
*ክሳብ ማዓስ ኢኹም ብስልጣን ክጽለሉ*

*ሰሚዕናዮ እቲ ናታትኩም ኣስተምህሮ*
*ዘተሓሳስብዩ ንዘለዎ ኣእምሮ*
*ንሕና ዘይንመርሖ ይበተን ይዘሮ*
*ሎስም ንበይኑዩ ኣይካኣልናን ክንጾሮ*

*ኣሎናኮዩ እኩብ ተሞኩሮ*
*እንስሳኳ ኣይኮናን ኣሎናኳ ኣእምሮ*
*ባዕላቶም ዝናኣዱ ጀህረኛታት ፈካሮ*
*ክሳብ ማዓስ ክትጽመዱ ብምራንቆራቂሮ*
*ብድምጺ ብዙሓት ዘይቅየዱ ንበይኖም ዓንዳሮ*

*ዓወት ንህዝቢ ኤረትራ*
*ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና*